# ~~። “ኣነ ድዩ! ወይስ ኩሉ ህዝቢ ፀቢዱ"~~

ኣነ፡ ደዩ! ህዝቢ!
ዩሕዋት፡ ንገሩኒ፡ ብልቢ!
እስኪ፡ ኣረድኡኒ!
ትርጉሙ፡ ጠፊኡኒ!

እንትይዩ፡ ዝስማዕ፡ ዝቕነየ፡ ዘሎ፡
ታዕታዕ፡ ጩርባሕባሕ፡ ብዘሎ፡
ኣብ፡ ዓለምና፡ ብኹሎ።

ጉድ፡ እዩ፡ ወዮ፡ ባርነትስ፡ ኩይኑ፡ ነጻነት፡
እዚ፡ ኹሉ፡ ሸብዳሕዳሕ!ላዕልን፡ ታሕትን፡ ምግምዳሓት!

ጫውጫውታ፡ ወኻዕታ!
ከብሮ፡ ምስ፡ እምብልታ!
ነየናይዩ፡ እዚ፡ ኸሎ፡ ህውተታ!

መንእሰይ፡ ካብ፡ መሬቱ!
ተተፊኡ፡ ተምሕዩ፡ መሠረቱ!

ዝተረፈ፡ ካብ፡ ጥይት፡ መቕዘፍቲ!
ይብላዕ፡ ኣብ፡ ሳህራ፡ ኣጻምእቲ!
ሕጂውን፡ ኣይተረፈን፡ መዋጽእቲ!
ይድረርዎ፡ ዐሳ፡ ነበርቲ!

ኣነ ደዩ! ህዝቢ! ተገርሚሙ!
በጃኻትኩም፡ ዩሕዋት! ኣይትህደሙ፡
ንግሩኒ፡ ተጨኒቐ፡ ብልቢ! ኣይትገረሙ!

ወዮ!19 ዓመት፡ ባርነትስ፡ ኮይኑ፡ ነጻነት!
ብየናይ፡ መልክዑ፡ ኮይኑ፡ ዝተለከዔት!
መንደዓት፡ ምስ፡ ጭፍርኡ፡ እናኣጉስዔ!
ህዝቢ፡ ኣብ፡ ጥራሕ፡ ከብዱ፡ እንተኳምስዔ!

ወዮ! በርነትስ፡ ኣብ፡ ሀገርና፡ ትርጉማ፡ ቀይራ፡

ብዝሐረረት፡ አወሊዕ፡ ተቐይራ፡
ልምላሜኣ፡ ኮይኑ፡ መዔየራ፡
ነጻነት፡ ተባሂላ፡መጺኣ፡ ሐዲራ።
ንጻነትስ፡ ይመጸሉ፡ ይኸውን፡ ብሕጅ፡
እንሆ፡ባና፡ ተቐዲዱ፡ ይረኤ፡ ብኡውጂ።
ተዓጠቕ፡ ተሸባሸብ፡ ሐደ፡ ኹን፡ ህዝቢ፡
ብዱዓን፡ ጸሎትን፡ ብልቢ፡
መታን፡ ከሳማምዖም፡ አምላኽ፡ ረቢ።

”ስ ሓበኒ፡ እሞ፡ ተተሓሒዝና፡ ክንጎዩ፡ ኢና፡
ንጉሥ፡ኩነኒ፡ና ብ፡ሕልፍኝ ኻ፡አእትወኒ፡
ባሓን ሳብ፡ክንሕጉስን፡ ባህ፡ ክብለናን፡ እዩ።

መ ኃ ·መኃ · 1:4.

ካብ፡ሻም/ ኃይለ¯ሥላሴ፡ ገብሩ፡
ሀገረ፡ጀርመን፡